# ኣገዳሲ ሕበሬታ ንዓኻ ኣብ ቅድሚ ትምህርትን ቤት ትምህርትታትን ውላድ ዘለካ ናይ ቆልዓ ምዕባይ ሓላፍነት ዘለካ

**እንታይ እዩ ኣጋጢሙ?**

ፖሊስ ኣብ ልዕሊ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኮሙናዊ ቅድሚ ትምህርትታት ዝሰርሕ ዝነበረ ሰብ ኣፈናዊ መርመራ ኣካይዱ ኣሎ ። ኣብ'ቲ ኣፈናዊ መርመራ እቲ ሰብ ኣብ ልዕሊ ህጻንት ሓያሎ ጾታዊ ዓመጽ ከምዝፈጸመ ጭብጥታት ኣሎ። ኣብ'ቶም ቅድሚ ትምህርትታት ግህሰት ከምዘጋጠመን ትሽዓተ ከሰስቲ ከምዘልውን ክረጋገጽ ይከኣል። እቲ ዓመጽ ፈጻማይ ስለዝሞተ፡ እቲ ኣፈናዊ መርመራ ተዓጽዩ ከምኡ'ውን ክሲ ኣይክቐርብን እዩ። ነቲ ኩነታት ምእንቲ ብዝበለጸ ኣገባብ ክኣልዮ እቲ ኮሙን ኣብ ልዑል ድልውነት ኩነታት ኣትዩ ከምኡ'ውን ንኹሎም ዝተጸልዎ ሓደ ፍሉይ ናይ ደገፍ ጉጅለ መዚዙ ኣሎ።

**እብ'ዚ እዋን እዚ እቲ ኣገዳሲ ዕማምና ንህጻናት፡ ንቆልዕ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ዘለዎምን ሰራሕተኛታትን ሓገዝን ደገፍን ምቕራብ እዩ።**

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ብዙሓት ነበርትና ብዙሕ ሕቶታትን ስክፍታታትን ሓሳባትን ከም ዘለዎም ንርዳእ ኢና። ብዝተፈላለየ ኣገባብ ምሳና ርክብ ክክግበር ይከኣል እዩ – ሓገዝን ደገፍን ንኽትወሃቡ ክትመጹሉ እትኽእሉ ኣካላዊ ቦታ ኣለና፡ ክትድውሉ ሓደ ቁጽሪ ስልኪ ኣቐሪብና ኣለና፡ መርበብ ሓበሬታና ብዋናዊ ሓበሬታ ኣብ መዓልቲ ሓንሳብ ነዘምኖ ኢና ከምኡ'ውን ኣብ'ዚ ሰሙን እዚ መዓልታዊ ጋዜጣዊ መግለጺ ክህልወና እዩ።

ማዕረ ማዕሪኡ እዚ ከምይ ኢሉ ከጋጥም ከምዝኽኣለን ዳግማይ ንኸይጋጥም እንታይ ክንገብር ከምእንኽእልን ግዳማዊ መርመራ ንምክያድ ስራሕ ጀሚርና ኣለና።

ኣብ'ዚ ጽንኩር ኩነታት ኣብ ጎንኹም ንኽንህሉ ዝከኣለና ክንገብር ኢና። ንዓኻ ምስ ሰብ ክትዛረብ ዘድልየካ ሓደ ናይ ደገፍ ጉጅለ ኣሎ። ሎሚ፡ ጸኒሕካ፡ ጽባሕ ወይ ድሒርካ ደገፍ ክትወሃብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ታሕቲ ናይ ኩሎም ናይ ደገፍ ጸዓታት ናይ ርክብ ሓበሬታ ኣሎ።

ንስኻ ከም ቆልዓ ናይ ምዕባይ ሕልፍነት ዘለካ ብዛዓብ እቲ ዘጋጥመ ምስ ደቅኻ ብዝበለጸ ኣገባብ ክትዛረብን ክትድግፍን ንኽትፈልጥ እውን ኣገዳሲ እዩ። እቲ ምኽሪ ብሓጺሩ ብዛዕባ ህዱእ ምኳን እምበር ንደቅኻ ምምርማርን ጸቕጢ ምፍጣርን ኣይኮነን፡ ብናቶም ኣገባብ ክዛረቡ ምግዳፎም እዩ። ኣብ'ዚ ጽሑፍ እዚ ምስ ውላድካ ብኸምይ ክትዛረብ ከምእትኽእል ዝያዳ ሓበሬታ ኣሎ።

**ንውላድካ ደገፍ:**

- ሕደ ህጻን ጾታዊ ዓመጽ ተፈጺሙዎ ክኸውን ከምዝኽእል ዝሕብሩ ምልክታት፡ ለውጥታት ኣብ ጾታዊ ባህርያት፡ ፍርሒ ወይ ሻቕሎት፡ ብህረራ ከምኡ'ውን ሓደ ሓደ ግዜ ምዕባላዊ ምዝሓጥ የጠቓልል።

- እቲ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ዘለዎ ንቑሕን ብዛዕባ ናይ እቲ ቆልዓ መዓልታዊ ሂወት ንምዝራብ ክፉት ንኽኸውን ኣገዳሲ እዩ። እንድሕር ጥርጣሬ ኣሎ፡ ንኣብነት ካብ ናይ ስድራቤት ደገፍ ናይ ሓደ ሞያዊ ሕገዝ ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል።

- እንድሕር እቲ ህጻን ብዛዕባ ግህሰት ክነግር ጀሚሩ፡ እቲ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ዘለዎ ነቲ ህጻን ኣብ ሕቶ ምልክት ከየእተወ ወይ ከየጨነቐ ብትኹረት ክሰምዕ ኣለዎ። እቲ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ዘለዎ ከም ሕርቃን ወይ ጓሂ ብርቱዓት ስምዒታት ንኸየርኢ እውን ኣገዳሲ እዩ።

- ሳዕቤናት ግህሰት ከከም ርክብ ምስቲ በዳሊ፡ ንውሓት ግዜ እቲ ግህሰትን እቲ ከባቢ ብኸመይ ግብረ መልሲ ይህቦን ይፈላለ እዩ። እቲ ህጻን ነቲ ኩነታት ዝህቦ ትርጉም ብግብረ መልሲ ናይቲ ኣላዪ ኣዝዩ ይጽሎ፣ ኣብ ስድራቤት ምርግጋእ ድማ ንሕውየት ኣገዳሲ እዩ።

- እቶም ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ዘለዎም እቲ ቆልዕ ድሉው ምስጽኸውን ብዛዕባ እቲ ግህሰት ንምዝራብ ክፉታት ብምዃን ክሕግዙ ይኽእሉ። ኣገባባትን ሓደ ውሑስ መዓልታዊ ሂወትን እውን ንሕውየት ናይ እቲ ህጻን ኣገደስቲ እዮም። እንድሕር እቲ ህጻን ምልክታት ሻቕሎት፡ ለውጥታት ምዕባሌ ወይ ጾታዊ ባህርያት ኣርእዩ፡ እቲ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ዘለዎ ሞያዊ ሓገዝ ክሓትት ይግበኦ።